Qasa Badih Qafarih Dimokraasih Missoyna

ዲሞክራሲያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ

التنظيم الديمقراطي لعفر البحر الأحمر

Red Sea Afar Democratic Organization

## መግለጺ ብምኽንያት ዝኽሪ መዓልቲ ነጻነት ኤርትራ

## ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ

## 23 ግንቦት 2015

ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ ናጻነት ሃገሩን ሰብኣዊ ክብረቱን ንምርግጋጽ ዘካይዶ ናይ 30 ዓመታት መሪር ቃልሲ ንመሬቱ ነጻካ እንተወጸኤ ህላውንኡን ሰብአውነቱን ግን አብ ሓደጋ ወዲቑ ይርከብ፡ ከምእውን ንአደዳ ስደትን ጥሜትን ተቓሊዑ አብ ዝተፈላለያ ኩርናዓት ዓለም ፋሕ ጭንግራሕ ኢሉ ተበታቲኑ ይነብር አሎ። ብሄራት ኤርትራ መግዛእቲ ጣልያን ናብ ኤርትራ ቅድሚ ምምጽኡ ብባህላዊ ሕግን መምሪሒታትን ባዕለን ንባዕለን ዝመሓደራ ዝነበራ ኮይነን ምስ መግዛእቲ ጣልያን ዝመጸት ሃገረ ኤርትራ፡ ከምተን ኩለን አብ ትሕቲ ባዕዳውያን መግዛእቲ ዝነበራ ሀገራት አፍሪቃ ነጻ ንከይትወጽእ ዝተገብረ ውዲታት ንህዝቢ ኤርትራ ብረት ከልዕል አገዲድዎ ን፫0 ዓመታት ዝአክል መሪር ቃለሲ አካይዱ አዕጽምትን ደምን አሽሓት ደቁ ከፊሉ፡ በቲ ዝኸፈሎ ከቢድ ዋጋ ድማ ሩፍ ኢሉ አብ ሀገሩን አብ መሬቱን ንከይነብር ብቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተሸፊኑ ዝመጸ ጉጅለ ህዝባዊ ግንባር፡ ንሃንቀውታን ድልየትን ህዝቢ ኤርትራ ከምዝመኽን ገይሩ፡ ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ በታቲኑን አብ ቅርሕንቲ ብምሽማም ዉሑዳት ወገናት ጥራሕ ተጠቀምቲ ናይታ ሃገር ኮይኖም አብ ልዕሊ እቶም ካልኦት ወገናት ኤርትራ ዝግበር ናይ ምግላልን ናይ ምጭፍጫፍን ናይ ምብራርን አጀንዳታት አተግበርትን ፈጸምጽን ኮይኖም ጸኒሖም፡ አብዚ እዋን እዚ ኤርትራ ናይ ውሑዳት ሰባት መዐንደሪአምን መራገጺአምን ኮይና፡ እንተ ነቶም ካልኦት ወገናት ኤርትራ ካብ ጊዜ ምግዛእቲ ዝሓሰመ ናብራ ኮይኑዎም መሬቶም ምደረ ሲኦል ተቐይራቶም ንአደዳ ስደትን ጥሜትን ተቓሊዖም ይነብሩ አለዉ፡ ህዝቢ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ንኣሻሓት ዓመታት ካብ መሬቱን መረበቱን ተዘናቢሉ ዘይፈልጥ ህዝቢ ኢዩ። ብሰንኪ ህላወ ህዝባዊ ግንባር አብ ስልጣን ግን ንኩሉ ዓይነት ሽግራት ተቓሊዑ ህላውንኡ አብ ሓደጋ ተቓሊዑ አብ ዝከፈኤ ኩነታት ሂወት ይርከብ ዘሎ ህዝቢ ኢዩ። ፖሊሲ ህዝባዊ ግንባር አብ ልዕሊ ህዝቢ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ አብዚ ጥራሕ ዝተሓጸረ አይኮነን፡ ህላዌኡን መንነቱን ካብዚ ዘባ እዚ ንምሕካኽ ክይተሓለለ ዝሰርሓሉ ዘሎ ጉዳይ ምኻኑ ከይተዘንገዔ እቲ ፈጣሪ ዝሃቦ ሃብቱን ጸጋታቱን መሬቱን ንምትራፍ ዝዓለመ እስትራተጂ ምኻኑ ክፍለጥ ይግባእ፡ አብዚ እዋን እዚ ኤርትራ እታ ብድኽነትን ብምግሃስ ሰብአዊ መሰላት ዜጋታታ አብ ቀዳማይ ተርታ ሒዛ እትስራዕ ኮይናትሉ አብዘላ እዋን፡ በዚ መሰረት ድማ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ትም አብ ዘይብለሉ እዋን ስለዝበጸሔ አብ ዝተፈላለዩ መጋባእያታት ዓለም ጉዳይ ኤርትራ ካብቶም አገደስቲ አጀንዳታት እንዳኾኑ ስለ ዝመጹ ነቲ ስርዓት ዓብይ ሻቕሎት ኮይንዎ ጸኒሑ ፡ ነዚ ሓያል ወቐሳታት

ንምሽፋን ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ገባቲ ስርዓት ናይ ፖሊሲ ለውጢ ከነምጽእ ኢና ቅዋም ከነረጋግጽ ኢና ብማለት ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ህዝቢ ኤርትራ ንምትላል ዝገብሮ ዘሎ ስልቲ ብምኻኑ ኩሉ ደላይ ለውጢ ወገን ከይታለልን ከይደናገርን ብምዝኽኻር፡፡ ስርዓት ኢሰያስን ጉጅልኡን ዘዳልውዎ ዝኾነ ዓየነት ቅዋም ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ዘይውክልን ኣገዲድካን ኣምሲልካን ዝግበር ብምኻኑ፡ እቲ ሓቀኛ ቅዋም ክኸውን ዝኸእል ድሕነት ህዝብን ሃገርን ዘውሕስ ቅዋም ኮይኑ ንሱ ድማ እዚ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ፈሪሱ ሓድሽ ብድልየት ህዝቢ ኤርትራ ዝቐውም ንኹሉ ኣቃውማ ህዝቢ ኤርትራ ስርዓት ምስ ዝትከልን ጥራይ ኢዩ ክረጋገጽ ዝኽእል፡፡ ኢዚ ን ፩፬ ዓመታት ህዝቢ ኤርትራን ጎረባብቱን ክሕምስን ሰላም ክኽልእን ዝሓገየ ስርዓት ዘረግቲ ሰላም ኣእዳዉን ትካላቱን ከይተደምሰሰ ዞባናን ኣከባቢናን ብሰላም ክነብር ማለት ዘይሕሰብ ብምኻኑ፡ መንግስታት ናይዚ ዞባ እዝን ማሕበረ-ሰብ ዓለም ኩሉ ደላይ ሰላምን ዲሞክራስን ዝኾኑ ወገናት ንሓቀኛ ቃልሲ ዉጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ክድግፉን ነቲ ስርዓት ኣብ ምእላይ ኣድላይ ዲፕሎማስያውን ንዋታውን ሓገዝ ከበርክቱ ንጽውዕ፡፡ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ነቲ ወሪድዎ ዘሎ ሕሰም ከቅንጠጥ ምእንቲ ሓያል ቃልሲ ከካየድ ጻዊዕትና ነቕርብ፡፡